

ብIRCC ዝክፈሉ ኣገልግሎታት ንዝጥቀሙ ወለዲ

# ኲሉ ብዛዕባ ንሓደሽቲ መጻእቲ ህጻናት ክንክን እዩ (CARE FOR NEWCOMER CHILDREN – CNC)

*እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም! እቲ ናይ CNC ፕሮግራምና ብፍሉይ ሓደሽቲ ንናብ ካናዳ ንዝኮኑ ህጻናትን ወለዶምን ኣብ ናይ ብIRCC ዝክፈሉ ኣገልግሎታት ዕድል ኣብ ዘኾንሉ እዋን ብፍሉይ ንምሕጋዝ ዝተዳለወ እዩ፡፡ ክንሕግዘኩም ኣብዚ ኣለና፡፡*

*እዚ እዋን ንዓኻን ንስድራኻን ዓብይ ለውጢ ዝርኣየሉ እዋን ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና፡፡ ሽቶና ስድራኹም ኣብ ካናዳ ክነብሩ እንከለው ውላድኩም ኣብ ዕብየቶም ክሕገዙን ዓርሰ እምነቶም ከማዕብሉን በምግባር ጽቡቕ፣ ድሑንን ውሑሱን ኩነታት ክስመዮም ምግባር እዩ፡፡*

**እቲ ህጻን ኣብ ፕሮግራም CNC ክኸውን እንከሎ ወለዲ ኩሉ ጊዜ ኣብ ቦታ ክጸንሑ ኣለዎም፡፡**

## ካብ ድሕነት ውላድካ ዘገድስ ካልእ ነገር የለን!

ሰራተኛታትና ብቑዓትን ልምዲ ዘለዎም ምኳኖም ብምርግጋጽ ክትዓርፉ ትኽእሉ፡፡

- ኩሎም ሰራሕተኛታትና ድሕሪ ባይታ/ናይ ገብን ምርግጋጽ ዝተገበረሎምን ናይ ፈላማይ ሓገዝ ዝረኸቡን እዮም፡፡
- ናይ ጥዕና ድሕነትን ስታንዳርዳራት ንምምላእ ናይ CNC መለክዒታት ክንኽተልን ንቆጻጸራርን፡፡
- ኩሎም ህጻናት ብማዕረን ብክብርን ከምዝተሓብሕቡ ንምርግጋጽ ናይ ባህሪ ምሕደራ ፖሊሲ ኣለና፡፡ እቲ ሰራሕተኛ ባህርይ ብኣዎንታዊ መንገዲ ይትግብር፡፡ ነቶም ህጻናት ብማህረምቲ ምቕጻዕን ሕማቕ ነገር ምዝራብን ኣይፍቀድን; ብምግላል ይኹን ወይ ብሕጽረት ቁጽጽር፡፡
- እቲ ሰራሕኛ ህጻን ኣብ ዝተጎድኣሉ ወይ ኣብ ዝግለለሉ ኩነታት ንዝምልከቶም ሓለፍቲ ሪፖርት ናይ ምግባር ሙያን ሕጋዊን ግዴታ ኣለዎ፡፡

ዝበለጸ ክትፈልጡ ምስእትደልዩ ናይ ባህሩ ምሕዳር ፖሊሲ ወይ ናይ ህጻን ጥቕዓት ጥርጣረ/ምግላል ፖሊሲ ቅዳሕ ካብ ምሕታት ንድሕሪት ኣይትበሉ፡፡

## ካብ CNC እንታይ ትጽበዩ?

ኣብ ካናዳ ኣብ ጉጅለ ብምቕማጥ ህጻናት እንሕብሕበሉ መንገዲ ካብ ሃገርኩም ክፍለ ይኽእል፡፡ ብዛዕባ ስነ ምግባር፣ መግቢ፣ ቋንቋ፣ ትምህርቲ ወይ ተደጋገምቲ ነገራት ሕቶ ምዝህልወኩም ብኽብረትኩም ሕተቱ፡፡ መጽናዕታት ከምዘርእይዎ ህጻናት ብምጽዋት ይመሃሩ፤ ስለዝኾነ እቲ ሰራሕተኛ ምስ እቶም ህጻናት ድልየት፣ ዕድመን ባህልን ዝስማዕማዕ ትምህርታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ናይ ጥምህርቲ ንጥፈታት የዳሉ፡፡ እቲ ውላድካ ህጻናት ምስ ካልኦት ህጻናት ምውህሃድ ይለማመዱ፤ ንትምህርቲ ዝሕግዞም ክእለታት እውን የማዕብሉ፡፡

### ውላድኩም ምስ CNC ንክላመድ ብኸመይ ትሕግዞ?

ውላድኩም ብዛዕባ CNC ምጅማር ፍርሓት ክስመዮ ልሙድ እዩ፡፡ እቲ ሰራሕተኛ እቲ ስግግር ቀሊል ንምግባር ክሰርሕ እዩ፤ ኮይኑ ግና ውላድካ ክበኪ፣ ምሳኹም ክጣበቕ ወይ ካልኦት ባህሪ ከርእዩ ይኽእሉ፡፡ ናይ ውላድኩም ፍርሓት ንምጥፋእ ዝሕግዙ ሓሳባት ንምርካብ እንቋዕ ናብ CNC (*Welcome to CNC: A Parent's Guide to Gradual Separations*) ብደሓን መጻእኻ ዝብል ቅዳሕ ሕተት: ናይ ቀስብ ቀስ ምፍልላይ መምርሒ ወለዲ፡፡

## ኣብ መንጎ ወለድን ሰራሕተኛን ዝህሉ ርክብ ኣገዳሲ እዩ!

ናይ CNC ሰራሕተኛ ክተፈልጦን ብዛዕባ ውላድካ ሓበሬታ ክትህቦን ነበረታተዐካ፡፡ ብሓባር ክንሰርሕ እንከለና ውላድኩም ዝበለጸ ንሕግዞን ድሕነቱ ዝተሓለወን ይኸውን፡፡


*Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada / Financé par : Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada*

**ነቲ ሰራሕኛ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ምዝራብካ ርግጸኛ ኩን:**

- ኣለርጂታት ወይ ናይ መግቢ ገደባት;
- ውላድኩም ዝወስዶ ሕማም ወይ ሕክምና (ብኽብረትካ ኣስተውዕል: መድሃኒት ንህይወት ኣስጋኢ ኣብ ዝኾነ ኩነታት ጥራሕ ዝውሰድ ኮይ ምስእቶም ህጻናት ወይ ኣብ ቦርሳኦም ክግደፍ የብሉን);
- ከምኡ እውን ፍሉያት ድልየታት ወይ ብደሆታት ክሕግዙኻ ይኽእሉ!

**ነቲ ሰራሕተኛ ምዝራብ እውን ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል:**

- ናይ ውላድካ ናይ ሓጺ ድቃስ ወይ መግቢ ፕሮግራም;
- ውላድካ ዝፈትዎም ዝመርቶምን መግቢታት;
- እቲ ሰራሕተኛ ምስ ውላድካ ንክዘራረብ ክሕግዙ ዝኽእሉ ቃላት;
- ናይ ስድራን ኣዝማድን ሓበሬታ (ወይ ናይ ስድራ ፎቶ ኣምጽእ);
- ከምኡ እውን በፍሉይ ንውላድኩም እትሕብሕብሉ መንገድታትን ካብ CNC እትደልይዎን ተዛረቡ፡፡

**ካልእ ኣብ ኣእምሮኹም እትሓስቦ:**

- ንድሕነት ውላድኩም ክባሃል ንኣገልግሎታት ዝተመዝገቡ ውላድኩም ጥራሕ ውላድኩም የብጽሕዎን ይምልስዎን፡፡
- ውላድኩም ክኣቱን ክጽእን እንከሎ ክትፍርሙ ኣለኩም፡፡
- ውላድኩም ነቲ ኩነታት ኣየርን ኣብቲ ፕሮግራም ንዝሰርሖም ንጥፈታትን ብዝምቹ ብግቡእ ኣልስዎ፡፡ ብዛዕባ ናይ ውላድካ ክዳን ሕቶ ምስዝህልወካ ነቲ ሰራሕተኛ ሕተት፡፡
- እቲ ንጥፈት ንምፍጻምን ንቤት ትምህርቲ ንክዳሉን ውላድካ ብስሩዕ ክተምጸኦ ምግባር ኣገዳሲአ እዩ፡፡ ውላድካ ክተርፍ ግድን ምስዝኾውን እቲ ሰራሕኛ ክፈልጥ ኣለዎ፡፡
- ውላድካ ምስዝሓምም ናይ ሕማም ምስፍሕፋሕ ንምክልኻል ኣብ ገዛ ኣውዕሎ፡፡ ረስኒ ወይ ውጽት ዝሓዞም ህጻናት ቅድሚ ናብ CNC ምምላሶም ን24 ሰዓት ካብ ናይ ሕማም ምልክት ነጻ ክኾኑ ኣለዎም፡፡

## ኩሉ ብዛዕባ ናትና CNC ፕሮግራም

**ስም ሓብሐብቲ:**______________________________
Caregiver's Name / Nom du dispensateur de soins

**CNC ሰዓታት:**______________________________
CNC Hours / Heures de garde d'enfant

| | እወ<br>Yes / Oui | ኣይኮንኩን<br>Non / Non |
|---|---|---|
| ክትባት ኣገዳሲ<br>Immunization required / L'enfant doit avoir été vacciné | ○ | ○ |
| ቁርሲ ነቐርብ<br>We provide snacks / Nous fournissons des collations | ○ | ○ |
| ንውላድካ ምሳሕ/ቁርሲ ኣምጽኡ<br>Bring food for your child's lunch/snack / Apportez le déjeuner/la collation de votre enfant | ○ | ○ |
| ኣብ ምሳሕ ንውላድኩም ንሕብሕቦ<br>You care for your child at lunch / Vous prenez soin de votre enfant au déjeuner | ○ | ○ |
| ናይ ሓጺር እዋን ድቃስ ኣሎ<br>We have a naptime / Notre programme prévoit une sieste | ○ | ○ |

| | እወ<br>Yes / Oui | ኣይኮንኩን<br>Non / Non |
|---|---|---|
| ምችው ኣሻንጉሊት ኣምጽኡ<br>Bring a comfort toy / Apportez un jouet réconfortant | ○ | ○ |
| ሕልፊ ክዳውንቲ ኣምጽኡ<br>Bring extra clothes / Apportez des vêtements supplémentaires | ○ | ○ |
| ንውሽጢ ክፍሊ ዝኾኑ ጫማታት ኣምጽኡ<br>Bring indoor shoes / Apporter des chaussures d'intérieur | ○ | ○ |
| ኮቦርታ ኣምጽ (ኣድላይ ምስዝኸውን)<br>Bring a blanket (if needed) / Apportez une couverture (si nécessaire) | ○ | ○ |
| ዳይፐራት (diapers) ኣምጽኡ (ኣድላይ ምስዝኸውን)<br>Bring diapers (if needed) / Apportez des couches (si nécessaire) | ○ | ○ |

CMAS
ናይ መናእሰይ ስደተኛታት ህጻናት ክንክንን መነባብሮ ሓገዝ

*ንዝበለጸ ናይ ወለዲ ምንጪ:*
*www.cmascanada.ca ይኀብንዩ*

Care for Newcomer Children


*Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada / Financé par : Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada*